

ማድረ ዶዚተያ ኣብ ሰነ 1970 ኣብ መወዳእታ ስፌሕ ኣስተምህሮኤን ንደናግል ኣብ ዝገበራኦ፡ ብዛዕባ ሓጐስ ፋሲካን ብዛዕባ ምስ ጐይታ ኣብ መንግስተ ሰማይ ምርኻብን ከምዚ ይብላ። "ንላዕሊ ገጽና እናጠመትና ከምዚ ንበል። እቲ መዓልቲ'ቲ ንዓይ'ውን ክመጽእ ኢዩ። ኣብቲ መዓልቲ'ቲ ከኣ ኩሉ ስቓየይ ንኢሽቶ ወላ ይኹን ኩሉ ናይ ፍቕሪ ተግባረይ፡ ኩሉ ናይ ወፈያይ፡ ንጐይታ ክቡር ዝኾነ ኩሉ ናይ ነፍሰይ ቃንዛ። ምኽንያቱ ናይ ነፍሲ ቃንዛ እውን ኣሎ ኢዩ፡ እኳ ድኣ እቲ ዝዓመቐ ኢዩ። ኩሉ ቃንዛ ናይ ስጋ፡ እዚ ስጋ'ዚ ከኣ ሓንቲ መዓልቲ ከምቲ ናይ ክርስቶስ ናብ ሰማይ ክዓርግ ኢዩ። እዚ ኩሉ ኣብ ሓጐስ ክቕየር ኢዩ። ኣብ ላዕለዋይ ከኣ ንኹሉ ግዜ ክንህሉ ኢና። ኣብኡ ደረት ኣልቦ ክብሪ ክህሉ ኢዩ፡ እወ ምልኣት ዘለዎ ክብሪ"

ኣብ ወጋሕታ ናይ 2 መስከረም 1970 ድሕሪ " እዋይ ሓጐስ " ኢሉን ምስ ጨረሓ ማድረ ዶዚተያ ብኢየሱስ ናብቲ ዘለዓለማዊ ሓጐስ፡ ዘለዓለማዊ መኣዲ መርዓ ተጸንበራ።

ካብ 1991 ኣብ ቤት ጸሎት ናይ ብጹዓን ናይ ጠቕላሊ ገዛ በርጋሞ ኣስካሬነን ተዓቂቡ ይርከብ። ብዙሓት ሰባት ከም ቀረባ መሓዛኦም ኮይነን ይሰመዓኦም፡ ኣብ ኣማላድነተን ይምሕጸኑ፡ ዘድልዮም ጸጋ ከኣ ይረኽቡ።

ብ 25 ሕዳር 2021 ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣባ ፍራንቸስኮ ንማድረ ዶዚተያ ***ብመንፈሳውያን ሓይሊታት ዕውቲ፡*** ብቕድስና ሕይወተን ከኣ ውርይቲ ምኧነን ዝገልጽ ፍሉይ ድንጋገ ብምውጻእ ***ናይ ክቡራን ክብርቲ*** ዝብል ስያሜ ሂቦመን።



## ካብ ጽሑፋት ማድረ ዶዚተያ

ክንደይ ዓቢይ ምስጢር
ናይ'ታ ድንግል ስቕታ
ክቡር ትምህርቲ ዝሓዘ ስቕታ
ካብ ብስራት መልኣኽ ዝጀመረ
ናይ ትሕትና ምስጢር
ናይ ገዛእ ርእሰኻ ምኽሓድ ምስጢር
ናይ ክብሪ ምስጢር
ተግባር መሎኮት ኣብ ልዕለኣ
ንኽፍጸም ዘፍቀደ ናይ ፍቕሪ ምስጢር

ደናግል ኦርሶላውያት ን.ድ.ማ.
ጐደና ኦምሓጀር፡
ስልኪ፥ 291- 1-124868
Email; ursuline@gemel.com.er

# ኣብ ሓጐስ እግዚኣብሔር ዝተወፈየት ሕይወት

## ናይ ክቡራት ክብርቲ

## ማድረ ማርያ ዶዚተያ ቦታኒ






## ታሪኽ ሕይወተን

ማርያ ዶመኒካ ኣብ ፒያንካ ናይ ቅዱስ ዮሃንስ ቢያንኮ፡ (በርጋሞ) ብ 31 ግንቦት 1896 ተወልዳ። ኣብ ስድራቤታውን ቁምስናውን ዓቢይ ናይ ሰብኣውነትን እምነትን ክብርታት ዝሓዘ ኣከባቢ ንሕይወት ክፉትን ውዕውዕ መንፈስ ዘለዎ፡ ከምኡ ድማ ንዓቢ ዕላማ ድሉው ዝኾነ ናይ መንእሰይ ጉዕዞ ጀመራ።
ኣብ ኤንዲነ ኣብ ኮለጅ ምስ ደናግል ደቂ ቅዱስ ልቢ እንከለዋ፡ (1909 - 1911) ማርያ ዶመኒካ፡ ብሓገዝ ኣቦ ነፍሰን ናይ ሕይወተን መደብ ወሲነን ነበራ። እዚ ከኣ "ኦ ኣምላኸይ ቅድስቲ ክኸውን ቁርጺ ፍቓድ እገብር ኣሎኹ" ዝብል ነበረ።

ብ1913 ኣብ ማሕበር ደናግል ኦርሶላውያት ምስ ኣተዋ ኣብ ኣሕዳሪ ቤትትምህርቲ ናይ በርጋሞ፡ ከም ተምሃሪት ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ፡ በቲ ክፉትን ውዕዉዕን፥ በቲ ዝማርኽ ክምስተኤን፡ ጽኑዕን ጥዑምን ባህሪኤን ብኹለን ተምሃሮን ናይ ቤት ትምህርቲ ብጾተንን ኣድንቖት ዝረኸባን ፍትውትን ነበራ።

1919 ማርያ ዶመኒካ ዝለዓለ ነጥቢ ብምምጻእ ናይ መምህርና ዲፕሎም ወሰዳ። ከምኡ ድማ ልብሲ ምንኩስና ብምልባስ፡





እናቴ ማርያ ዶዚተያ ዘቑርባን ተባህላ። እዚ ስም እዚ መግለጺ ናይ'ቲ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ዝነበረን ፍቕሪ ኮይኑ፡ ማእከልነት ሕይወተንን ምንጪ ወፈያ ገዛእ ርእሰንን ኮነ።
ኣብተን ናይ ውፉይ ሕይወት ስነ ኩስኮሳ ዝነበራ ኣገልጋሊት ኣምላኽ ማድረ ጀዝዊና ሰገሲ ናይ ሳኣልያን (postulanti) ተመኩሮትን መምህረን ዝነበረን ፍቕርን ኣኽብሮትን ብኸምዚ ይገልጻኦ፥ " ቅድስና ሕይወት ናይ መምህረይ ክሳብ 31 – 03 – 1963 ዕለተ ሞተን፡ መዓልቲ መጺ ቤት ትምርቲ ናይ ህንጻት ኮነኒ፡ ኣብቲ ልበን ከኣ ኩላ ነፍሰይ ኣውዲቐ።"
ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ መምህር ኮይነን ኣብ ፐያን ኪኞሎን ካብ 1919 – 1927 ኣብ ዘምሃራሉ ግዜ፡ በቲ ኣቀራርባ ክእለተንን በቲ ምስ ኩሎም ስድራቤትን መሳርሕቲ መምህራንን ዝነበረን ርክብን ክብርቲ ነበራ።

ካብ 1927 ጠቕላሊት ጸሓፊት ናይ ደናግል ኦርሶላውያት ኣብ በርጋሞ፡ ድሕሪኡ ኣማኻሪት : ቀጺለን ምኽትል ጠቕላሊት ሓለቓ፡ ኣብ መጨረሻ ድማ ካብ 1952 – 1970 ጠቕላሊት ሓለቓ ኮይነን ኣገልገላ። ናተን መሪሕነት ሕውነታዊ ሕብረት ብናይ ምድላይ ፍሉይ መለለይ ይፍለጥ። እዚ ድማ መዓልቲ መጺ ካብቲ ምንጪ ዝኾነ ቕዱስ ቁርባን ዝተቐድሔ ኮይኑ፡ ዕላሙኡ ከኣ ምእንቲ ናይ ኢየሱስን ወንጌሉን እሙናት መሰኻኽር ንምኳን ኢዩ።





" ነንሓድሕድኩም ፍቕሪ እንተላትኩም በዚ ደቂ መዛሙርተይ ምኳንኩም ኩሉ ኪፈልጥ ኢዩ" ዮሓ. 13:13

ብዛዕባ መስራቲ ኣባ ፍራንቸስኮ ደላ ማዶናን ( 1771-1846) ብዛዕባ ምስረታን ተውህቦ ማሕበርን ምስ ቅድስቲ ኣንጀላ መሪቺ (ብረሻ 1470-1540) ምትእስሳር ፍሉይ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኮስኮሳ መለለዪ ዘለዎ፡ መጽናዕቲ ክግበር ጎስጓስ ገበራ።

ኣብተን ን18 ዓመታት ኣብ መሪሕነት ማሕበር ኣብ ዝነበራሉ ግዜ፥ ኣብ መምርሒ ቤተክርስትያንን ምልክታት ግዜን ጥንቅቕቲ ብኧን፡ ንደናግል ኣብ ስነ ኩስኮሳ፥ ማሕበረ ሰብኣውን ጉስነታውን ዝያዳ ቅሩባት ንኽኾና ብዙሕ ጸዓራ። ከምኡ ድማ ሓደስቲ መካነ ሕውነት ናይ ኦርሶላውያት፥ ኣብ ዓዲ ጣልያን፡ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ኣርጀንቲና፡ በልጅም፡ ዓዲ እንግሊዝ ንኽኸፈት ድፌኢት ገበራ። በቲ ኣብ ቤተክርስትያንን ዝያዳ ድኻታት ዝኾኑን ዝነበረን ፍቕሪ በቲ ቅኑዕ፡ ውዕዉዕ መንፈሰን ናይ ካልኦት ማሕበራት ውፍያት ብምስሓብ ኣብቲ ጉዕዞ ናይ ጉባኤ ቨቲካን ሕድሳት ንኸምጽኣ ኣብ ናይ በርጋሞን ክረማን ሰበኻታት ናይ ጣልያን ውፍያት ሕብረት (ሎሚ USMI: unione dei superiori maggiori Italiana) ዝጽዋዕ ማሕበር መስረታ። በቲ ዘንጸባርቕን ጥዑም ክምስተኤንን ነቲ ኣብ ውሽጠን ዝነብር ኣምላኽ ኣብሪሁ ዘርእን ኣብ ኩሎም ዓሚቕ ሰላም ዘስፍንን ነቲ ምሕረታዊ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ክስተማቕር ዝደሊ ሃረርታ ዝገድፍን ሕይወተን፡ ኣብ ሞንጎና ተመላለሳ።

ናይ ዘለዓለማዊ ሕይወት ሓሳብን ናይ መንግስተሰማይን ብቐጻሊ ኣብ ልበን ህልው ነበረ። በዚ ሓይሊ እዚ ከኣ ፈተናታት ብሓጐስ ይቕበላ ነበራ።